# ንዝኽሪ ሓርበኛ ኢዮብ ብስራት

ብ ፍረወይኒ ባይረ
ጀርመን



ኣርኪባትካ እምበኣር ዓለም ፈገር
እምባ ዶ ኣይነበርካን ዘይትድፈር
ጅግና ዶ ኣይነበርካን በዓል መትከል

ሰነድ ዶ ከይንካ ናይ ትማሊ
ካድር ዶ ኣይነበርካን ኣብ ባይቶ መዳሪ
ኣርኪባትካ  እንባኣር ሓጺራ እታ እግሪ

እዮባይ ሽደን ኀብለል ናይ ኤርትራ
ዕባ ገዛ ባንዳ ወድኺ ኣስመራ
ጀብሃዊ መርገጹ ፈጺሙ ዘይቀየራ

ኣርኪባትካ ዶ ዓለም ግናይ
ምሳና ዶ ኣይነበርካን ብቐዳማይ
ድምጽኻ ጠፊኡ ተሰቒሉ ኣብ ሰማይ

እንታይ ድኣ እዮባይ ጨኪንካ
ኣርሒቕካ መገሻ ኣድራሻ ቀይርካ
ለዋህ ዶ ኣይነበርካን መን ኣማኺሩካ

ኣንታ ጅግና ሰገን ፍሽኽታ ኣመሉ
ኣለዉ ብጾትካ ነዚ ዝምስክሩ
ጅግነት ቅያኻ ኩሉ ዝሕብሩ

ስሓቕካ ለሚድና እቲ ምቁር ዕላልካ
ንዘልኣለም ኣብ ልብና ሓውልቲ ተኺልካ
ሕድርኻ ኣይንጠልምን ቃል ንኣትወልካ

እንታይ ድኣ ኾንካ ዘይኣመልካ
ዘይተወደኤ ጉዳይ ኣወንዚፍካ
ኣብ ምዕራፉ ከይበጽሐ ሕድሪ ናይ ብጾትካ

እምበእር ኣድርሻ ቐይርካ
ምስቶም ሓርበኛታት ተራኺብካ
ቀሲንካ ዶ ሕጂ ማሚቓ ሓዲርካ

ተንስእ ተበራበር ከምቲ ናይ ትማሊ
ደጀን ዶ ኸይኮንካ በዓል ዓቕሊ
ንኹሉ ሽግራት ብትብዓት ትኣሊ

ደኺምካ ዶ ዓመታት ነዊሑካ
ኣብራኽ ዶ ጠሊመን ኣላሽ ኢለን እግርኻ
ምሱጋም ዶ ኣብየን ኣብቂዐን ካባኻ

ኣብ ለምለም ሰቲ ዶ የዕሪፉ ትንፋስካ
ተራኺብካዮም ዶ ጀጋኑ ብጾትካ
ኣለሊኻዮም ዶ ሕብሮም ኣጸቢቕካ

ሰላምታ ዶ ኢልካልና ንኹሎም ጀጋኑ
ምእንቲ ናጽነት ሓመድ ዝተደፍኑ
ስነ ስርዓት ዘይረኸቡ ኣብ ጎልጎል ዝማህመኑ

ዓቢ እንባ ኢኻ ደጀን ፈተውራሪ
ብርቱዕ ማዕበል ዘይትነጽፍ ባሕሪ
ንኹሉ ትጸሮ ኣንታ ጎይታ ዓቕሊ

ጨኪንካ ዶ ኼድካ ንዘልኣለም
ቦታ ዶ ቀይርካ ኣብታ ሓዳስ ዓለም
ታሪኻ ግን ኣሎ ዘይሃስስ ቀለም።

ሕጂ ዶ ናይ ዘልኣለም ዕረፍቲ ረኺብካ
ኣምላኽ ኣብ ገነቱ ይቅበልካ
ዘልኣለም ክብሪ ምስ ኩሎም ብጾትካ

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ጀጋኑ ስውኣት!

ንኩሎም ስድራቤትን ፈተውቱን ናይ ቃልሲ ብጾቱን ጽንዓት ይሃብ!